# ኤርትራውያን ተቐማጦ ሹፐርታልን ከባቢኣን "ሃገር ኣብ ዝኸሪ ሓበን" ኣብ ትሕቲ ዝብል መድረኻዊ ቴማ ሰማእታቶም ብኽብሪ ዘኪሮም።

ኤርትራውያን ነባሮ ሹፐርታልን ከባቢኣን ብዕለት 22.06.2013 ካብ ሰዓት 13.00 ክሳብ ሰዓት 18.00 ኣብ ገረብ ሰውኣት ተራኺቦም "ሃገር ኣብ ዝኸሪ ሓበን" ኣብ ትሕቲ ዝብል መድረኻዊ ቴማ ሰማእታቶም ብኽብሪ ዘኪሮም።

መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋቱ ፣ ተሳተፍቲ ብሕጻናትን መንእሰያትን ዝተመርሐ ቅሰኑ ሰማእታትና እናዘመሩ ኣብቲ ቦታ ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣካየዱ ። ናብ ገረብ ሰማእታት ምስ ተመልሱ ሸ/ማ/ኮም ሹፐርታልን ከባቢኣን ካብ ኢምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ተላእከ መግለጺ 20 ሰነ ሰማእታት ኤርትራ ፣ ኣብ ዘቐረቦ ፣ እዞም ንልዕላውነትን ናጽነት ሃገረን ንኽብሪ ህዝብን ተበጀዉ ሰማእታትና ንኽነቕስን ፣ ህዝቢ ኤርትራ እታ ምስጢር ዓወታቱ ዝኮነት ዓባይ ሓይሉ "ሓድነቱ" ንወትሩ እናትረረ ንዝመጸ ተጻብኦታት ብሰሙር ሃገራዊ ፍቕርን ኒሕን ሰጡም ሓድነትን መኸትኡ ንኽሕይል ዘተባባብዕ መልእኽቲ ነብረ። ሰዒቡ መደብ ምብራህ ጥዋፍ ሰማእታት ብሕጻናትን መንእሰያትን ክጅመር ከሎ ፣ ዓበይቲ ድማ ነቲ ኣብነታዊ ጅግንነትን ተወፋይነት ሰማእታት ኤርትራ ብምሙጓስን ብምስትንታንን ንሰማእታቶም ሕልናዊ ጸሎት ብምብጻሕን ፣ ቃል ኪዳኖም ብምሕዳስን ፣ ብበረኽ ሃገራዊ መንፈስ መትከል ሰማእታቶም ክኽተሉን ሕድሮም ከጽንዑን ከም ወትሩ ድሉዋት ምህላዎም ብድሕሪ ምርግጋጽ ኣብቲ ተቐሪቡ ዝነበረ መደባት ምስታፍ ጀመሩ።

ከምወትሩ ብተሳትፎ ኣብ ሰራሕ ናይቶም ኣብ ከተማ ሹፐርታል ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳያት ሰሚሮም ዝገጥሙ ኣባላት ኩለን ሃገራውያን ማሕበራትን ግዱሳት ኤርትራዊያንን ብውሁድ ሃገራዊ ቅኒት ፣ ልክዕ ሰዓት 18.00 ድ.ቀ. መደብ ዝኽሪ ሰማእታት ብዓወት ተዛዚመ።

ዘልኣለማዊ ክብርን መጎስን ፣ ናጽነትን ክብርን ኣልቢሶም
በጃ ንዝሓለፉ ሰማእታትና !

ዓወት ንሓፋሽ

ማ/ኮም ሹፐርታል ከባቢኣን
ዕለት ፣ 24.06.2013